# ቃለ መጠይቕ

*«ንሃደ ክፉት ቦታ 150 መመልከቲ ይመጻኒ፣ 120 መመልከቲታት ተነፍየን ይተርፉ፣ 30 ኣጸቢቑን ይምዘና፣ ከምኡ እንዳበላ እንዳጎደላ ይኸዳ። ኣብ መወዳእታ ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ 5 ሕጹያት ይተርፉ፣ ብናተይ ግምት እተን ዝበለጻ 5። ነዚኦም ንቃለ ምጠይቕ እዕድሞም። ካብኣትም ድሓር ከም ግቡእ 3 ሕጹያት ናብቲ ምልላይ ሙያ ይመጹ፣ ካብዞም ሰለስቲኦም ኣብ መወዳእታ ንሓደ ንመርጽ። ስለዚ ጨኪንካ እዩ።» **ዳንኤል ፋክስ**፣ መርማሪ ብልሽት መኪና*

## ንሓደ ቃለ መጠይቕ ተዓዲምኩም?

## እዚ ዓቢ ዓወት እዩ!

ብዉሑዱ ካብ ብዙሓት ካልኦት ኣመልከትቲ በሊጽኩም ተመሪጽኩም ኣለኹም። ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቦታ ትምህርቲ ልምዲ። ወላኳ ቁሩብ እንተተሻቐልኩም እውን።

*«ራዕዲ ክሳብ ዝኣትወካ፣ ብዛዕብኡ ብዙሕ ክትጭነቕ የብልካን። ቁሩብ ብነፍስኻ ክትተኣማመን ኣለካ፣ ክገብሮ እኽእል እየ፣ ኢልካ ክትሓስብ ኣለካ» **ኣማንዳ***

ሕጂ ነቲ ቃለ መጠይቕ ብዓወት ክትዛዝምዎ ደሊኹም ኣለኹም። ጽቡቕ ጌርኩም እንተተቐሪብኩምሉ ድማ እቲ ዘለኩም ብነፍስኹም ምትእምማን ይልዕል እዩ። እታ መምህር ሙያ ወይ እቲ መምህር ሙያ ካባኹም እንታይ እዮም ዝጽበዩ?

*«ብርግጽ እቲ ናይ መጀመርታ ጦብላሕታ ንዓይ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ውልቀሰብ ከመይ ኢሉ እዩ ዝመጽእ፣ ከመይ ተኸዲኑ ኣሎ፣ ኣነ እዚ ውልቀሰብ ምሳና ክሰርሕ ከም ዝደሊ ክስተውዕል ኣለኒ። ስለዚ እዚ ውልቀሰብ ተቐሪቡ ከም ዘሎ ክርኢ ኣለኒ። ብዛዕባ ሓያል ጎኑን ድኹም ጎኑን ሰሚዑ ዘይፈልጥን ብዛዕብኡ ንምሕሳብ ድማ ፍርቂ ሰዓት ዝወስደሉ ውልቀሰብ እንተ እንተመጸኒ፣ ጽቡቕ ዝኾነ ጦብላሕታ ክሕድር ኣይክእልን እዩ።»**ኤስተር ሹፐባኽ**፣ ሓላፊት ትምህርቲ ሙያ*

ኣብቲ ቃለ መጠይቕ ከመይ ጌርኩም ክትቀርቡ ደሊኹም? እንታይ ክትዛረቡ ደሊኹም? ከመይ ጌርኩም ክትዛረቡ ደሊኹም?

*«ቀሊል እንተዘይኮነ እውን፣ ህድእ በል። ኩሎም ጨኑቓት እዮም። ሓያልን ድኹምን ጎኑኻ ኣስተውዕል፣ እዚ ኩሉ ጊዜ ኣሎ። ንምንታይ እስኻ ነዚ ሙያን ነዚ ትካልን ከም ዝመረጽካ፣ እዚ እውን ኩሉ ጊዜ ኣሎ። ነቲ መዛርብትኻ ኩሉ ጊዜ ርኣዮ።» **ሲሞነ***

## ቃለ መጠይቕ ምልማድ

### ቃለ መጠይቕ ምስ መን ክትላመዱ ትደልዩ?

ምስ ኣደ? ኣቦ? ምስ ሓንቲ ትፈልጡዋ ወይስ ምስ ሓደ ትፈልጡዎ? መብዛሕትኦም ዓበይቲ ኣብ ቃለ መጠይቕ እንታይ ከም ዝግበር ይፈልጡ እዮም፣ እሳታቶም ነዚ ቅድሚ ሕጂ ተሞኪሮሞ ኣለዉ። ካብዚ ተሞክሮ ክትከስቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ዘልምድ ብጻይኩም፣ እታ ተልምድ ብጻይኩም እውን ክቕረቡሉ ኣለዎም : ንዕኡ ወይ ንዓኣ ኣድለይቲ ዝኾና ሰነዳት ትህብዎም

- ናብ እቲ ትካል ዝሰደድኩሞ መመልከቲ ሰነድ
- ነቲ ሙያን ነቲ ትካልን ዝምልከታ ሰነዳት
- ክመጻ ዝኽእላ ሕቶታት ዝሓዘ ሰነድ

«ሓቂ ምዝራብ ኣገዳሲ ኣዩ። ክትሓፍር የብልካን። እስካ ንቃለ መጠይቕ ተዓዲምካ ኣለኻ፣ እዚ ሓደ ዓቢ ስጉምቲ እዩ።» **ስሊን**

### ነቲ ቃለ መጠይቕ ከመይ ጌርኩም ክትላመድዎ ትደልዩ?

- ቅድሚ ዕለት ቆጸራ ክልተ፣ ሰለስተ መዓልታት ኣቐዲምኩም ተላመዱ።
- እዋን ሃብዎ፣ ምናልባሽ ሓደ ሰዓት ከድሊ ይኽእል ይኸውን ኩሉ ክሳብ ዝቐንዕ።
- ነቲ መዛርብትኹም ብጻይኩም፣ ብርቱዕ ሕቶ እውን ክሓተኩም ንገርዎ።
- እንታይ ክትኽደኑን ከም ዘለኩም፣ ከመይ ጌርኩም ክትቀርቡ ከም ዘለኩምን፣ ምስ እታ ተላምድ ብጻይኩም ተማየጡ።
- ነቲ ምሳኹም ኮይኑ ዘልምድ ብጻይኩም፣ ክትጭነቕ ከለኻ እንታይ እንተገበርካ ዝሓሸ ከም ዝኾነ፣ ሓሳብ ክህበኩም ዝኽእል እንተኾይኑ ሕተትዎ።

ኣብቲ ቃለ መጠይቕ፣ ምስ ሓደ ምሳኹም ክማየጥ ከምኡ ድማ ክላለ ምስ ዝደለየ ውልቀሰብ ከም እትራኸቡ፣ ፍለጡ። እቲ ትራኸብዎ ውልቀሰብ፣ እስኹም ኣብቲ ጉጅለ ከምኡ ድማ ኣብ እቲ ትካል ትሰማምዑ እንተኼንኩም ክፈልጥ ዝደሊ እዩ።

*«እቲ ዝሓሸ ኩሉ ጊዜ ዝሓሸ ነጥቢ ዘምጸኤ፣ ማእከላይ ነጥቡ ዝበለጸ ዝኾነ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ ዝበሃል ዝበዝሖ ጻዕሪ ዘርኢ፣ ንፋዕ ኮይኑ ዝርኤ፣ ሕጉስ ከም ዝኾነ ዝርኤ፣ ጸገ ኢሉ ዝከታተል፣ እቲ ኣብቲ ዘሎ ጉጅለ ጸንብር ዝብል እዩ። ኣብዚ ጉጅለ እሱ ሓደ ንእሽቶ ኣካል እዩ ዝኸውን፣ ንሕና ብዛዕባ ሓደ ዝገጣጠም ሰእሊ ኢና ንሓስብ፣ ኣብኡ ከኣ እቲ ተሪፉ ዘሎ ዝግጠም ሰእሊ፣ ንሕና ነዚ ኢና ንደሊ።»* ***ዳንኤል ፉክስ***፣ *መርማሪ ብልሽት መኪና*

## ኣብቲ እዋን ቃለ መጠይቕ ዝሕተታ ሕቶታት

እወ ወይ ኣይፋልን ጥራሕ ኢልኩም ኣይትምለሱ። ኣብቲ ጉጅለ ባህ ኢሉኩምን ጽቡቕ ጌርኩምን ከም እትሰርሑ፣ ክትገልጹ እንተ ደሊኹም፣ ካብ እቲ ዕለታዊ ናብራኹም ተዛረቡ፣ ንምሳለ ተሞክሮ ኣብ ናይ ስፖርት ጉጅለ፣ ስካውት ወይ ሰማያዊ ቀለቤት። ካብ እቲ ዕለታዊ ናብራኹም ክውን ዝኾነ ነገር እንተ ነጊርኩም፣ እታ መዛርብትኹም፣ እቲ መዛርብትኹም ንዓኹም ብዝሓሸ ክላለዩኹም ይኽእሉ እዮም።

### ዘረባ ክጅመር ከሎ ዝሕተት ሕቶ

- ነዚ ሙያ ከመይ ጌርኩም ኢኹም መሪጽኩሞ?
- ሙያ ክትመርጹ ከለኹም ከመይ ጌርኩም ኢኹም ሰጒምኩም?
- ዝገበርኩሞ ነገራት እንታይ ኣዩ? ናብዚ ሙያ ከመይ ጌርኩም ከም ዝመረጽኩም እስኪ ግለጹ።
- ምልላይ ሙያ ጌርኩም'ዶ?
- ኣብ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ተሳቲፍኩም'ዶ?
- ደገፍ ረኺብኩም'ዶ? ዝሓገዘኩም ሰብ ኣሎ'ዶ?

### ሕቶታት ብዛዕባ ትካል

- ንምንታይ ኢኹም ንትካልና መሪጽኩም?
- ትካልና ኣንታይ እዩ ዝገብር?
- ኣብ ትካልና ንምንታይ ኢኹም ትሰማምዑ?
- ኣብ ስዊዘርላንድ ኣይኮንኩምን ዓቢኹም፥ ኣብተን ኣብ ስዊዘርላንድ ዘለዋ ትካላት ዘሎ ጠባያት ትፈልጡ'ዶ?

### ሕቶ ብዛዕባ ሙያ

- ንምንታይ ኢኹም ነዚ ሙያ መሪጽኩም?
- ንኻልኦት ሙያታት'ከ ድልየት ኣለኩም'ዶ?
- ነዚ ሙያ ንምንታይ ካብተን ካልኦት ሙያታት ንላዕሊ ፈቲኹሞ?
- ንምንታይ ኢኹም እስኹም ነዚ ሙያ ብቑዕ ዝኾንኩም?
- ሕጂ እስኹም ሓደ ትምህርቲ ልምዲ እንተ ገበርኩም፥ እንታይ ከም ዝጽበየኩም ትፈልጡ'ዶ?
- ንሓደ ትምነይዎ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ እንተ ገለጽኩም፥ ከመይ ይመስል ትብልዎ?
- ንቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ጽቡቕ ጌርኩም ተቐሪብኩም'ዶ ኣለኹም?
- ነዚ ሙያ ናይ ..................................... ብቑዕ/ተሓዋሲ/ትኽክለኛ/ኢደ ጥበብኩም ስሉጥ/ ክኢላ ቋንቋ ወ.ዘ.ተ. ክትኮኑ ኣለኩም (ኣብ BIZ-ጽሑፍ ሓበሬታ ሙያ ብዛዕባ ሙያ ርኣዩ)። ነዘን ክእለታት ከተማልኡ ትኽእሉ'ዶ?

## ሕቶ ብዛዕባ ውልቀሰብ

- እታ ዝበለጸት መሳርሕትኹም፣ እቲ ዝበለጸ መሳርሕትኹም፡ እሳ ወይ እሱ ንዓኹም ከመይ ይግምቱኹም?
- ትኾርዑሉ ክእለት እንታይ እዩ?
- እንታይ ጽቡቕ ትኽእሉ?
- እንታይ ክገብር እኽእል እየ ኢልኩም ትኣምኑ?
- ንቑሕ ሰብ ዲኹም?
- ናትኩም ብዙሕ ጽቡቕ ዘይኮነ ነገር እንታይ እዩ ኢለ፣ ንመሓዛኩም እንተዝሓታ? እንታይ ምበለትኒ?
- እስኪ ሰለስተ ድኽመትኩም ንገሩኒ።
- ነቲ ድኽመትኩም ከመይ ጌርኩም ትቆጻጸሩ? ካብኡ እንታይ ትመሃሩ?
- ብዛዕባ ምስክር ወረቐትኩም እንታይ ትብሉ? ብእኡ ሕጉስ'ዶ ኢኹም?
- ኣስኹም ናይ ብቕዓት ፈተና ጌርኩም፡ በቲ ውጽኢቱ ሕጉስ'ዶ ኢኹም? እቲ ዝበርትዔ እንታይ እዩ ኔሩ? ነየናይ ቀሊል ረኺብኩሞ?
- ካልእ ቋንቋ ትዛረቡ'ዶ?
- ኣብ ክፍልኹም እንታይ ተራ ኣለኩም?
- ፍሉይ ዝኾነ ክእለት ኣለኩም'ዶ? እንታይ? ነዚ ክእለት ከመይ ጌርኩም ኣጥሪኹሞ?

## ሕቶ ብዛዕባ ከባቢ

- ከመይ ኢኹም ትነብሩ? ምስ መን ትነብሩ?
- ኣሕዋት ኣለዉኹም'ዶ? ዝነኣሱዶ ዝዓበዩ? እሶም እንታይ ይገብሩ? ሙያ ተማሂሮም'ዶ?
- ኣዴኹም እንታይ ይገብራ? ኣቦኹምከ?
- ኣብ ገዛኹም ነቲ ናይ ገዛ ስራሕ መን እዩ ዝሰርሖ?
- ኣብቲ ስራሕ ገዛ ትሕግዙዶ? ኣብ ስራሕ ገዛ ኣጸቢቕኩም ትኽእልዎ እንታይ እዩ?
- ጸገም ክጋጥመኩም ከሎ፣ መጀመርታ ምስ መን ኢኹም ትዛረቡ?
- እስኹም'ከ ሓደ ጊዜ ናትኩም ስድራቤት ክህልወኩም ትደልዩ'ዶ?
- ናይ ሙያ ምዕባለ ክህልወኩም ትምነዩ'ዶ? ከመይ ዝበለ ክኸውን ኣለዎ?

## ምውዳእ ማይጣ

ኣብ መወዳእታ ሕቶ እንተሓተትኩም፣ ኩሉ ጊዜ ጽቡቕ እዩ። ነቲ ቃለ መጠይቕ ክትቀራረቡ ከለኹም፣ እንትይ ሕቶታት ክትሓቱ ከም ትደልዩ ክትሓስቡ ትኽእሉ ኢኹም።

- ብዛዕባ እቲ ትካል ክትሓትዎ ትደልዩ ነገር'ዶ ኣሎ?
- ብዛዕባ እቲ ኣብ እዚ ትካል ዝቕጽል እዋን ትገብርዎ ትምህርቲ ልምዲ፣ ኣየኖት ሓበሬታት ንዓኩም ጎዲለናኹም ከም ዘለዋ ቅድሚ እቲ ማይጣ ሕሰቡለን፣ ነዘን ሕቶታት ጽሓፋወን ክምኡ ድማ ኣብ ምወዳእታ ቃለ መጠይቕ ሕተቱወን።
- ሕቶ ዘይብልኩም እንተ ኾይኑ፣ መልሲ ክሳብ ትረኽቡ ብግምት ክሳብ መዓስ ክትጽበዩ ከም ዘለኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ነዚ ትምህርቲ ሙያ ድልየት ከም ዘለኩም ኣነጺርኩም ግለጹ፣ ከምኡውን ነቲ ትካል ብዝሓሸ ምእንቲ ክትፈልጡዎ፣ ኣብቲ ምልላይ ሙያ ክትሳተፉ ከም እትደልዩ ግለጹ።